## ኮሚቴ ድሕነት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ምስ ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስቲ ብዛዕባ ተቓውሞን ጠለብን ሰራዊት ዘትዩ

**ቀዳም 27 ታሕሳስ 2008**

ካብ 11 ዝተፈላለያ ክፍላተ ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ተሓርዩ ዝተዋጽአ ብ"ኮሚቴ ድሕነት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ" ዝፍለጥ ብመኮንናት ዝምራሕ ኮሚቴ፡ ነቲ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ተቓውሞን መሰረታዊ ጠለባትን ብዝተወደበ መልክዕ ምስ ላዕለዎት ልኡኻት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ከምዝዘተየሉ ምንጭታትና ካብቲ ቦታ ሓቢሮም።

ብመሰረት 'ቲ ሓበሬታ፡ እቶም ብኮሚተ ድሕነት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ርክብ ዝቐረቡ መሰረታውያን ጠለባት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

1. እቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ኤርትራ ኣብ ዝተነጸረ ሰሌዳ ግዜ ኣብ ሓጺር እዋን ክትግበር
2. ደረት ግዜ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ንደምክራስን ፍትሕን ክንጸር
3. ምትሕንፋጽ ስልጣን ግንባርን መንግስትን ዶብ ክግበረሉ
4. ኣብ ትሕቲ እዚ ክፍላተ ሰራዊት ዝርከባ ኣብያተ ማእሰርቲ ብቕጽበት ክድስክላ ማለት፡-

   ሀ. እቶም ብደረቕ ገበን ዝተታሕዙ ጉዳዮም ናብ ሕጋዊ ኣብያተ ፍርዲ ክሓልፍ
   ለ. ፍሉይ ቤት ፍርዲ ዝብሃል ኣብ ቅዋም ዝተሞርኮሰ ብዘይምዃኑ ብቕጽበት ደው ክብል
   ሐ. ኩሎም ብዘይ ክሲ ተቐይዶም ዝርከቡ ዜጋታት ጉዳዮም ብቕጽበት ናብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ነብሶም ኣብ ዝከላኸሉሉ ቅሉዕ ኣብያተ ፍርዲ ክቐርቡ

5. ኩሎም ናይ ደገ ዕጡቓት ሓይልታት ካብ መሬት ኤርትራ ክወጹ
6. ህሉው ጠለብ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ'ታ ብሚኒስትሪ ምክልኻል እትሕተም "መጽሄት ተዓጠቕ" ተሓቲሙ ናብ ሰራዊት ክዝርጋሕ

ብኻልእ ወገን እቲ መንግስቲ ኤርትራ ንሓይሊ ኣየር ኤርትራ ናብ ከተማ ባጽዕ ንኸወርዱ ንዝሃቦ ትእዛዝ ብዝምልከት፡ - ወትሃደራዊ ክንፊ ሓይሊ ኣየር ናብ ባጽዕ ክወርድ ከም ዘየፍቅድን እቲ ሲቪላዊ መሳልያዊያታቱ፡ ማለት "ሲቪል ኣቭየሽን" ግን ናብ ባጽዕ ንክወርድ ከም ዘይቓወምን "ኮሚቴ ድሕነት ሰራዊት ኤርትራ" ንልኡኻት ሰበ ስልጣን መግስቲ ኤርትራ ከም ዘፍለጦም ምንጭታትና ብተወሳኺ ሓቢሮም።

ኣብ ኤርትራ ንሓይሊ ባሕሪ ኤርትራን ሓይሊ ኣየር ኤርትራን ከይሓወስካን ንማዕበል ሰውራ ጎሲኻን፡ ብጠቕላላ ምስ መካናይዝድ ኣሃዱ 29 ክፍላተ ሰራዊት ኣለዋ።

ምንጪ ሓበሬታ: ኣሰና-ኦንላይን.ኮም